

TCOGLA

**ማሕበር ተጋሩ ኣብ ሎስ ኣንጀልስን ከባቢኡን**
**Tigrean Community of Greater Los Angeles**
**P. O. Box 741150, Los Angeles, CA. 90004**
**Tel. (949)294-6689**

# ናይ ሓዘንን ቅዋምን መግለጺ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሃገርና ዝተገብረ እኩይ ቅትለት ንጹሓት ዓበይቲ ሰባት፣ ተጋሩ ይኹኑ ኣይኹኑ ብዘየገድስ፣ ማሕበር ተጋሩ ሎስ ኣንጅልስ ኣጥቢቕና እነውግዞን እንኹንን ምዃንና እናገለጽና፣ ብፍላይ ንቤተ-ሰብ ምውታትን፣ ብሓፈሻ ድማ ንሙሉእ ሕዝቢ ኢትዮጵያን ፅንዓት ይሃብኩም፣ ነቶም ዝሞቱ እውን መንግስተ ሰማያት የዋርሶም እናበልና፣ ልባውን ዓሚቕን ሓዘንና ንገልጽ።

ቐጺልና ድማ ኣብ መላእ ሃገርና ኢትዮጵያ መንግስቲ ናይ ሕጊ ልዕልነት ከተግብር፣ ንሕገ-መንግስቲ ክኸበር፣ ነቶም ኣብዚ እኩይ ተግባር ዝተኻፈሉ ኩሎም ድማ ብህጹጽ ምክትታል ሒዙ ናብ ፍርዲ ከቕርቦምን፣ ብሕጊ ዝግብኦም መቕጻዕቲ ክውሃቦምን ንሓትት።

በዙ መግለጺ እዙይ ድማ ምስ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢ መላእ ዓለምን ዘለው ፈተውቲ ፍትሕን ሰነሥርዓትን ዘሎና ናይ ሓድነት ቅዋምና ነረጋግጽ ኣሎና።

## ካብ ቦርድ ማሕበር ተጋሩ ሎስ ኣንጀልስ